# ብዛዕባ "መጽሓፈ ሕይወት" ሰሚዕኩምዶ ትፈልጡ?

ብኣቶ ጳውሎስ በላይ

# WHAT IS THE "BOOK OF LIFE"?

by Paulos Belay

## መእተዊ -

ኣብ ቅዳሴ ካህን ጸሎተ ፍትሓት ዘቅዱስ ባሲልዉኦስ ኪደግም እንከሎ፡ ኣብቲ ካልኣይ ክፉል ኣብ ኣጋ ምዕጻው እቲ ጸሎት፡ "ምእንቲ መራሕቲ ቤተክርስትያንን መራሕቲ ዓድን ምስ ጸለየ፡ ምእንቲ ዚሞቱ ይጽሊ እሞ ኣብ መወዳእታ ምእንቲ ገዛእ ርእሱን ምእንቲ እቲ ዜቅድስ ዘሎ ሕዝቢ ከምዚ እናበለ ይጽሊ፡ "ኦጐይታና፡ ኩሉ ጊዜ ድላይካን ንኣኻ ዜሐጕስን ክምእንፍጽምን ግበረና፡ ነስማትና ምስ ናይ ኩሎም ቅዱሳን ሰማዕታትን፡ ኣብ መንግሥተ ሰማያት ኣብ መጽሓፈ ሕይወት መዝግበልና። ..." እዚ መጽሓፈ ሕይወት እንታይ ኢዩ? እንታይ ኢዩ ትርጕሙ? ቅዱስ መጽሓፍ ብዛዕባኡ እንታይ ይብል? ንዚብል ሕቶታት መልሲ ክህብ ክፍትን ኢለ ኢየ ነዚ ጽሑፍ ዘቕርቦ ዘሎኹ። ከም መበገሲ ጥቅሲ እንወስዶ ጥቕሲ ነቢይ ሚልኪያስ 3፡13-18 እዩ።

## II.

መጽሓፍ ሕይወት እንታይ ኢዩ? ንዚብል ሕቶ ካብ ሓድሓደ መጽሓፍቲ ዝረኸብክዎ መልሲ ከቕርብ፡ The book of life is A heavenly book in which the names of the righteous are inscribed. (*Bible Dictionary*, EERDMANS)

The roll in which the names of the redeened are kept. (*The Catholic Study Bible,* Rev 3:5)

The book in which human actions, good and bad, are recorded. *(New Jerusalem bible* Dan 7:10)

እምበኣር ፡ መጽሓፍ ሕይወት ኣብዚ ምድሪ ክሳዕ ዘሎና እንፍጽሞ ተግባራት ኩሉ፡ ኣብ ሰማያት ይምዝገብ እሞ፡ ብመዓልቲ ፍርድና ንጻማና ወይ ንኵነኔና ዚምስክረልና መዝገብ ኢዩ። ብርግጽ ግዙፍ መጽሓፍ ወይ መዝገብ ገንጺልካ እተንብበ ኣይኮነን፡ ግን ኣብዚ መድሪ ዝገበርናዮ ኩሉ ከም፡ ጣሳ ማይ ንዝጸምኦ ምሃብ ዲዩስ ወይ ንነይቢይ ብስም ነቢይ ምቕባል፡ ንሕጻን ምኽንያት ዕንቅፋት ምኳን፡ ትርፊ ናይ ትህኪት ቃላት ምድግጋም፡ ወዘተ. እቲ ኣብ ሕቡእ ዚርኢ ሰማያዊ ኣቦና ንጻማ ወይ ንኵነኔ ንኪቔጽረልና ንዅሉ ኣመዝጊብዎ ከምዚጸንሕ ዜርድእ ምልክት ኢዩ።

## II. እግዚኣብሔር ንዓና ከም ምእመናን መጠን ዝደልዮ እንታይ እዩ?

እግዚኣብሔር ንዓና ዝደልዮ ሕይወት ምስ ተረፉ ክንረክብ ኢዩ።

እስኪ እግዚኣብሔር ብሕይወት ክነብር ዝገበረልና ነዘንቱ

1. ናይ እግዚኣብሔር ኢድ ካብ ምድሓን ኣይሐጸረትን፡ ይብለና (ኢሳ 59፡1)። ከምቲ ንኣብርሃም "ካብ ዓድኻን ካብ ኣዝማድካን ካብ ዓዲ ኣቦኻን ውፃእ ናብቲ ኣነ ዘርእየካ ምድሪ ኺኣ ኺድ" (ዘፍ 12፡1) ዝበሎ፡ ንዓና ኣብ ሓዲሽ ኪዳን ነታ ሓዳስ ኢየሩሳሌም ኬእትወና "እነሆ መኣደይ ኣዳልየ ኣሎኹ ሰባብሕተይን ኣስዋረይን ሓሪደ፥ ኹሉ ተዳልዩ ኣሎ እሞ ናብ መርዓይ ንዑ" (ማቴ.22፡4) ኢሉ ዓዲሙና። ኵላትና ናይ መንግስቱ ወረስቲ ክንከውን ጽዉዓት ኢና።



2. ካብ ሓጢያትና ኬንጽሐና "እምበኣር ሕጂ ንዑ ንሐድሕድና ንማጐት - ይብል እግዚኣብሔር - ብሓጢኣትኩም እኳ ከም ደም እንተ ቐሐኹም፡ ከም በረድ ከፃዕድወኩም እየ። ከም ዝዋወዕ እኳ እንተ ቐሐኹም፡ ከም ፃዕዳ ጻምሪ ኽትኮኑ ኢኹም" (ኢሳ.1፡18) ብደም ኢየሱስ ክርስቶስ ሓጺቡ ከኣኒ "… ሓጢያትና ይቕረ ኪብለልና ካብ ኩሉ በደልና'ውን ኬንጽሐና ኢዩ" (1ዮሐ. 1፡9)።

## እግዚኣብሔር ንዓና ዝደልዮ፡

ብቅድስና ክነብር

ብፍጹም ኃይልናን ኣእምሮናን ልብናን ከነፍቅሮ

ንብጻይና ከም ነፍስና ከነፍቅር

ትእዛዛቱ ክንሕሉ

ጽድቁን መንግስቱን ክንደሊ

ብእምነት ክነብር

ብተስፋ ክነብር

ነቒሕና ክንጽበዮ (ሉቃ 12፡35-40)

ኵሉ ጊዜ ክንጽሊ

ኣብ ብጻይና ከይንፈርድ

ክንምስክረሉ ይደልየና (ሉቃ12፡ 8-9)

ኣብ ፈተና ክንፅገስ

ንሰይጣን ክንጻረሮ (ያዕ.4፡7)

ክንፈልጦ ይደሊ (ሆሴዕ 6፡3)

ነንሕድሕድና ክንፋቀር (ዮሐ 15፡12)

ጐራሓት ከምተመን የዋሓት ከምርግቢ ክንከውን

ብቃሉ ዝበለና ክንገብር

ኃጢኣት ምስ እንገብር ቀልጢፍና ተጣዒስና ብንስሓ ናብኡ ክንምለስ

- ሥጋኡን ደሙን ክንወስድ
- በደል ኃውና ክንሓድግ
- ኩፉእ ዝገበሩና ከይንብቀል

## III. እንታይ ምስ እንገብር እዩ ስምና ኣብ መጽሓፍ ሕይወት ዚኣቱ ?

እግዚእትነ ማርያም ዝበለትና *"ንሱ ዚብለኩም ኩሉ ግበሩ"* (ዮሓ.2፡5) እናገበርና ምስ እንጓዓዝ ኣብ መጽሓፍ ሕይወት ስምና ይምዝገብ።

ክርስቶስ ምስ መጸና፡ እቲ ዝበለና ክንገብር እንተ ጸኒሕናዮ፡ ኣይክንሓፍርን ኢና። “እቲ ንትእዛዛተይ ተቐቢሉ ዚሕልዎ ንሱ ኣዩ ዘፍቅረኒ ነቲ ዜፍቅረኒ ድማ ኣቦይ የፍቅሮ እዩ። ኣነ'ውን ኣፍቅሮ እየ ርእሰይ ከኣ እገልጸሉ ... ናብኡ መጺእና ድማ ኣብኡ መንደር ክንገብር ኢና” (ዮሐ. 14፡ 21. 23)። “ነዘን ቃላተይ ሰሚዑ ዚፍጽመን ኩሉ ቤቱ ኣብ ከውሒ ዝሠርሐ ብልሂ ሰብኣይ ይመስል...” (ማቴ. 7፡ 24-25)። "ሐደ መንእሰይ ንሕይወቱ ኸመይ ገይሩ ብንጽሕና ኺሕልዎ ይኽእል ትእዛዝካ ብምሕላው ጥራይ እዩ።” (መዝ 119፡9)

ብሓጺሩ እግዚኣብሔር ኣብ መዝገብ ሕወት እንጸሓፍ፡ ፍረ ከነፍሪ እንከሎና ኢዩ (ማቴ.21፡33-42)። እምበኣር፡ ብዙሕ ምእንቲ ከነፍሪ ኣብቲ ኢየሱስ ሓቀኛ ጉንዲ ወይኒ ዝኾነ ንንበር (ዮሓ.15፡1-8) መንፈሳዊ ፍረ ከኣ ነፍሪ (ገላ.5፡22)።

## IV ስምና ኣብ መጽሓፍ ሕይወት ዘየጽሕፍ እንታይ እዩ?

ትእዛዛት እግዚኣብሔር ምስ እነፍርስ። ማለት

ዓለም (ያዕ.4፡4)

ሥጋ (ገላ. 5፡19)

ሰይጣን (ማቴ.12፡ 30)

ኃጢኣት (ኢሳ. 59፡2)

ፀዋዕታ ሸለል ምባል (ሉቃ.14፡16-24)

ዘይብሳሕ ሕይወት (ሉቃ. 13፡1-5)

ናብ እግ/ሔር ዘይምምላስ (ማቴ. 18፡3)

ዘይረብሕ ዘረባ (ማቴ. 12፡ 36-37)

ስራሕና (1ጴጥ.1፡17)

ሓሳብና (ሮሜ. 2፡16)

መጨረሽታ ፍርዲ (ማቴ.25፡42-43)

መንፈስ ቅዱስ ምጽራፍ (ሉቃ.12፡10)

## V ኣብ መጽሓፍ ሕይወት ምስ ተመዝገብና፡ ዚሓከና እንታይ ምኽንያት ኣሎ?

ካብ መጽሓፍ ሕይወት እንሕከኽ ንእግዚኣብሔር ምስ እንብድል ኢዩ (ዘጸ. 33፡ 32-33)

## VI ካብ ቁጥዓ እግዚኣብሔር ንድኅነሉ ብምንታይ መንገዲ ኢዩ?

ርእስና እንተዘይንምርምር ኔርና ኣይምተፈረደናን ነይሩ። ከምቲ ናይ እግዚኣብሔር ኢድ ካብ ምድኃን ዘይሐጸረት ከምኡ'ውን ናይ እግዚኣብሔር ኢድ ንምቅጻእ ትዝርጋሕ እያ (ኢሳ.9፡17)። ንበዳሊ ከም ቅኑዕ ኣይርእን እዩ ከይቀጽዓ ከኣ ኣይሐልፍን እዩ።

እንተኾነ፡ “The longest Journey begins with a single step” ከምዚበሃል፡ ቀዳመይቲ ስጉምቲ ንወስዳን ኣብ ጉዕዞና ምስ እግዚኣብሔር ተታዓርቀናን እታ ናይ ክርስቶስ ዝኾነት “መንግስተ ሰማያት ቀሪባ እያ እሞ ተነስሑ” (ማቴ. 4፡17) ቀዳመይቲ ትምሕርቲ ዚብል እዩ። “ሓጢኣት የብልናን” እንተበልና ንገዛእ ርእስና ንጥብር ኣሎና እቲ ሓቂ’ውን ኣባና የለን፡ ኃጢኣትና እንተተናዘዝና ኣምላኽ እሙንን ጻድቕን ስለ ዝኾነ ንኃጢኣትና ይቕረ ኪብለልናን ካብ ኩሉ በደልና’ውን ኬንጽሐናን ኢዩ። ሓጢኣት ኣይገበርና እንተበልና ንኣምላኽ ሓሳዊ ንገብሮ ቃሉ’ውን ኣባና የሎን (1 ዮሓ. 1፡8-10)።

እግዚኣብሔር ንደቁ ይቐጽዕ እዩ። እግዚኣብሔር በቶም ኣብ ቤት ኣምላኽ ዘለዉ እዩ ኪቀጽዕ ዚጅምር (1ጴጥ.4፡17)። “ወደየ፡ መቕጻዕቲ ጐይታ ኣይትንዓቕ፡ እንተ ገንሓካውን ሕልናኻ ኣይተዕርብ ከመይ እግዚኣብሔር ነቲ ዜፍቅሮ ዘበለ ይቕጽዖ፡ ነቲ ወደይ ኢሉ ዚቕበሎ ኩሉ ድማ ይገርፎ” እንተቐጽዓኩምከስ ተዓገሡ ኣምላኽ ከም ውሉድ ሓርዩኩም ኣሎ ማለት እዩ። (ዕብ.12፡5-7). “...ኣምላኽ ግና ናይ ቅድስናኡ ተማቀልቲ ክንከውን ኢሉ ንጥቕምና ይቐጽዓና። ቅጽዓት ዘበለ መሪር እዩ ንጊዚ’ኡውን ሐጎስ ዜስዕብ ኣይመስለልን እዩ። ንዳጎራይ ግና ነቶም ብኣኡ ዝኃለፉ ሰላምን ጽድቅን ኢዩ ዚፈርየሎም።” (ዕብ.12፡10)

እግዚኣብሔር እንተበደልና፡ ብንስሓ ከኣ ናብኡ እንተዘይተመለስና፡ ንባዕልና ናብ ጥፍኣት ንኸይድ፡ ከመይ’ሲ “እንተዘይተነሳሕኩም ኩሉኻትኩም ኸምኡ ክትጥፍኡ ኢኹም” ይብል (ሉቃ 13፡5). “ከመይ ሰባት ንጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብምፍላጥን ካብ ርኽሰት ዓለም መሊቖም ከም ብሓድሽ ብእኡ ተጠሊፎም እንተተሳዕሩ ካብ ቀዳማዮም ዳኅራዮም ኢዩ ዘገድድ” (2 ጴጥ 2፡20፣ ዕብ 6፡ 4-6፣ ማቴ 7፡ 22-23 ርኤ።)

## VII. ኣብ መጽሓፍ ሕይወት ስምካ ምጽሓፍን ዘይምጽሓፍን ከም ምእመናን እንታይ ጥቕምን ጉድኣትን ኣለዎ?

1. ኣብ መጽሓፍ ሕይወት ስምካ ምጽሓፍ ዘለዓለማዊ ሕይወት (ራዕ.3፡5፣ 21፡ 27) ኢዩ።

2. ኣብ መጽሓፍ ሕይወት ስምካ ዘይጽሓፍ ዘለዓለማዊ ኩነኔ (ራዕ. 20፡15)፡ ኢዩ።

## ጸሎት

1. ጸዋዕታ፥ ኦእግዚኣብሔር ንሕዝብኻ ካብ ርሑቕ ምእንቲ ክትጽውዖም ሰንደቕ ዕላማ ትኸል ካብ ወሰን ምድሪ ብፋጻ ጸውዓዮም። ሕዝብኻ ቀልጢፎም ክመጹኻ ኢዮም (ኢሳይያስ)፡ ንሕና’ውን ንጸዋዕታኻ ሸለል ከይንብል ርድኣና።

2. ንስሓ፥ ኦኣምላኽ ምእንቲ ዘለዓለማዊ ምሕረትካ ኢልካ ይቕረ በለልና፡ ምእንቲ ዓቢይ ርኅራኄኻ ኢልካ ከኣ ኣበሳና ደምስስ። ካብ ኣበሳና ኣጸቢቕካ ሕጸበና ካብ ኃጢያትና’ውን ኣጽርየና። ንሕና ኣባሳና እንፈልጦ ኢና።

ሓጢኣትና'ውን ኩሉ ጊዜ ኣብ ቅድመይና ኢዩ። ንሕና ንኣኻ ንበይንኻ ጥራይ በደልና ኣብ ቅድሜኻ'ውን እኩይ ገበርና። ስለዚ ክትፈርደና ሐቕኻ ኢኻ። እንተ ቐጻዕካና'ውን ቅኑዕ ኣሎኻ። እነሆ ካብታ ዝተወለድናላ መዓልቲ ጀሚርና ኃጥኣን ኢና። ካብታ ኣዴና ዝጠነሰትና መዓልቲ በደለኛ ኢና። ንስኻ ቅንዕናን ሐቅን ኢኻ እትፈቱ። ጥበብ ምሀረና ካብ ሓጢያትና ምእንቲ ክንነጽሕ ኣጸቢቕካ ኣጽርያና። ካብ በረድ ክንፅዕዱ ሕጸበና። ባህታን ሓጕስን ኣስምዓና። ሽዑ ሽሕ እኳ ቀጥቂጥካና እንተነበርካ ክንሕጐስ ኢና። ንገጽካ ካብ ኃጢያትና ከውሎ ንብዘሎ ኣበሳና ደምስሶ (መዝ 51፥1-9)

ብግልና ዝበደልናዮ ይቕረ በለልና።

ከም ቤተሰብ መጠን ዝበደልናካ ይቕረ በለልና

ካብ ወለዶ ንወለዶ ዝመሓላለፍ ሓጢያት ኣብ መንጎና እንተሎ ቁረጾን ብተኮን።

ኣብ መንጎና ጽድቕኻ ይንገስ።

ከም ሕዝቢ መጠን ዝበደልናካ ይቕረ በለልና። ንሕዝብኻ ኣስያፎም ንማሕረሻታት ኩናውቶም ድማ ንገዘሞታት ክሠርሕዎ ግበሮም (ሚኪያስ 4፥3)። ነፍሲ ወከፍ ኣብ ትሕቲ ተኽሊ ወይኑን ኣብ ትሕቲ ኦም በለሱን ተቐሚጡ ብሰላም ኪነብር ናብ ገገዝኦም ክምለሱ ግበረልና።

3. <u>ልመና፥</u> ኦ እግዚኣብሔር

ናይ ሥጋ ልቢ ሂብካ፡ ናይ እምኒ ልቢ ካባና ኣርሕቆ (ሕዝ. 36፥ 26-27)።

ዚርኢ ዓይኒ ሃበና (ኢሳ.42፥18-19)

ዝሰምዕ እዝኒ ሃበና (ኢሳ. 29፥13)።

ንዝሰነፉ ኣእዳውና ኣበርትዓልና። ወለል ንዝበላ ኣብራኽና ድማ ኣደልድለልና (ኢሳ 35፥ 3)።

ንሕዝብኻ ኣጸናንዓልና ኣበረታትዓልና (ኢሳ. 40፥ 1-2)። ንምሩኻት ሐራ ኣውጽኣልና። ንኡሱራት ከኣ ፍትሓልና (ኢሳ. 61፥1)።

ካብ ሕማምና ፈውሰና። ኣብዚ ምድሪ ሕይወትና ከምቲ ንስኻ እትደልዮ እንዳገበርና ክነሕልፎ ርድኣና። እቲ ካባና እትጽበዮ ክንገብር ርድኣና።

ብምሉእ ሕይወትና ብኣኻ ክንውከል ርድኣና። ኣነስ ነዚ ቃል እግዚኣብሔር ዝሕሉን ኣገልጋሊን እየ እናበልና ሕይወትና ክንመርሕ ርድኣና። ንዓና ኣብዚ ዘለና ዓወት ሃበና (ራዕ 3፥5) ። "ዓወት እትረክብ ብመንፈሰይ እምበር ብኽእለትካን ብኃልኻን ኣይኮነን፡ ኣነ እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት ተዛሪበ ኣሎኹ" (ዘካ 4፥ 6) ዝበልካና። ከምቲ ነቢይ ኢዮኤል ዝተነበየ፡ ኃይሊ ዝህበና መንፈስካ ኣብ ልዕልና ከዓወልና፡ ኣወዳትና ኣዋልድናን ኪንበዩ፥ ኣረገውቲ ሕልሚ ኪሐልሙ፡ ኣጕባዝና ከኣ ራእይ ኪሪእዩ፡ ኣብ ሰብኡትን ኣንስትን መንፈስካ ኣብዚ ሕይወትና ኣባና ከዓወልና (ኢዮ 2፥ 28-29)። ኦ እግዚኣብሔር ሎሚ መዓልቲ ብዛዕባ መጽሓር ሕይወት ተዛራረብና። ፍቓድካ እንተኾይኑስ ኣሽማትና ኣብ መጽሐፍ ሕይወት ጽሐፈልና ንሕና እውን ብኣኡ ክንሕጐስ ኢና።